9አባላት ሓይሊ ባሕሪ ዝኾኑ ተወለድቲ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ናብ ጎሮቤት ሃገር የመን ሃዲሞም

ክፍሊ ዜና

ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ

1መስከረም 2010ዓ.ም

ንስርዓት ሻዕብያ ራሕሪሖም 9 ዝኾኑ ተወለድቲ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ካብ ሓይሊ ባሕሪ ጀላቡ ወሲዶም ናብ አባላት ጸጥታ የመን ኢዶም ክመዝሃቡ ካብ ሑዴይዳ የመን ዝበጻሓና ዜና ሓቢሩ፡፡ እዞም መንእሰያት ካብ ትምህርቶምን ስርሖምን አቓሪጹ ሰርዓት ሻዕብያ አብ ሓይልታት ምክልኻል የእትዩ መጻኢ ዕድሎም ክሰብርን ንዝደልዩ ግብረ ሽብራዊ ስርሓት ከተግብርሉ መጋበርያ ክገብሮም ዝጸንሑ መንእስያት ኮይኖም፡ ካብ ገማግም ጢዖን ገባቢኣን ብመደብ ኢዶም ክህቡ ስለዝተሰማምዑ ንአባላት ጸጥታ የመን ኢዶም ሂቦም አለዉ፡፡ እዞም መንእሰያት ናብራ ህግደፍ ከምዝኸፈኦምን ከምዝመረረሙን ክሕብሩ እንከለዉ፡ ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ አብ ሕማቅ ኩነታት ናብራ ከምዘሎ ሓቢሮም፡፡ በዚ አጋጣሚ ዚ ዲ.ው.ዓ.ቀ.ባሕሪ አብ ህዝቢ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ዝፍጸም ዘሎን ዝወርድ ዘሎን አደራዕን ጭቖናን ድሕሪ ምኹናን ማሕበረ-ሰብ ዓለም አብ ዝሓጸረ እዋን ህዝቢ ካብዚ ጭቖናን በደልን ዝናገፈሉ ኩነታት ክርኢ ጸዊዑ፡ ደጊሙ ዲ.ው.ዓ.ቀ.ባሕሪ ህዝብና ካብዚ አደራዕ ንምንጋፍ እቲ እንኮ አማራጺ አብ ጎኒ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ደው ክብልን ነቲ እንዳማህመነ ዝመጽእ ዘሎ ሰርዐት ሓንሳብን ንሓዋሩን ምስዝቃበጽ ጥራሕ ምኻኑ ጸዊዑ፡፡